# ብዛዕባ እቲ ኣብ ከተማ ኮሎምቢያ ዝህነጽ ማኪና ደው መበሊ ብተደጋጋሚ ዝልዓል ሕቶታት - ኣብያተ ንግዲ

ክፍሊ መጐዓዝያ ኸተማ ሲያትል (SDOT) ነቲ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ዘሎ ደው መበሊ ማኪናን ዋሕዚ ትራፊክን ይቆጻጸር እዩ። SDOT ኣብ ከተማ ኮሎምቢያ፡ ኣብ ጐደና ሬይነር ከባብን ኣብ ጥቓኡን ንዘሎ ናይ ማኪና ደው መበሊ ብዝምልከት እማመ ኣቕሪቡ እዩ። ዝርዝር ሓበሬታ እቲ እማመ መምስ ጐደናታቱ ኣብቲ ኻርታ ኽርአ ይከኣል እዩ።

## ኣብዚ ኸባቢ እዚ ዝነብሩ ሰራሕተኛታት፡ ነቲ ቐሪቡ ዘሎ እማመ ስዒቡ ብኸመይ እዮም ናብ ስራሕ ክኸዱ ዝኽእሉ፧

- ገሊኦም ሰራሕተኛታት ምናልባት መጐዓዝያ ኽጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መዓልትታት ስራሕ፡ ካብ ሰዓት 5 ቅ.ቐ. ክሳዕ ሰዓት 1 ቅ.ቐ. ዝንቀሳቐሳ ቐለልቲ ባቡራት ኣለዋ። ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ኸባቢ ናይ ባቡር መስመራት ኣለዋ፣ ቁጽረን ድማ 7፡ 9፡ 50፡ ከምኡውን 106 እየን። ገሊኦም ሰራሕተኛታት ORCA LIFT ንምርካብ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ድማ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ፡ ሳውንድ ትራንዚት ሊንክ ቀሊል ባቡር፡ ከምኡውን ካልእ ናይቲ ኸባቢ ትራንዚት ክሳዕ 50% ዝኸውን ገንዘብ ንምቑጣብ የኽእል እዩ።
- ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ቦታታት ማኪና ኽትዝውርን ደው ከተብልን ትኽእል ኢኻ፦
  - ኣብ ከባቢ መበል 29 RPZ ማኪናኻ ደው ከተብል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከባቢ እቲ ንኽሰፍሕ እማመ ዝቐረበሉ ድሩት ዞን ደው መበሊ ማኪና (RPZ) ዝርከባ ኣብያተ ንግዲ፡ እቶም ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታቶም ናይ RPZ ፍቓድ ክዕድጉሎም ይኽእሉ እዮም። እዚ ኸባቢ እዚ ድማ፡ Rainier Ave S ከምኡውን ኣብ መንጎ S Dawson Stን S Angeline St.ን ዝርከብ ናይ ጐድኒ ጐደናታት ዘጠቓልል እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ እቲ ፍቓድ ዋጋኡ $65 እዩ፣ ንኽልተ ዓመት ጥራይ ድማ እዩ ዝጸንሕ። እቲ መመልከቲ ፎርም ምሉእ ብምሉእ ኽምላእ፡ በወነንቲ እቲ ኣብያተ ንግዲ ወይ ብሕጋውያን ወኪላቶም ድማ ኽፍረም ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ www.seattle.gov/transportation/parking/lightrail_biz.htm ኽርከብ ይከኣል እዩ። ናይ SDOT ማእከል ዓማዊል RPZ ናብ 206-684-5086 ብምድዋል ክርከብ ይከኣል እዩ።
  - በብወርሑ ወይ በብመዓልቱ ካብቲ ጐደና ርሕቕ ኢሉ ናይ ውልቂ ናይ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኽርከብ ይከኣል እዩ
  - ድሩት ዘይኮነ ከባቢ ደው መበሊ ማኪና። ካብ ከተማ ኮሎምቢያ ካብ 2-3 ብሎክ ርሕቕ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ኣውራጃ ንግዲ፡ ናይ ማኪና ደው መበሊ ለውጢ ኽግበር እማመ ኣይቐረበን። ኣብ መብዛሕትኡ እዚ ኸባቢ እዚ ማኪና ደው ምባል ብግዜ ወይ ብኻልእ መምርሒ 'ዘይተደረተ' እዩ ዝኸውን። ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ንናይ ማኪና ደው መበሊ ዝምልከት መምርሒታት ኣብ ካርታ ኸተማ ሲያትል ክርከብ ይከኣል እዩ፦ ኣብ http://web6.seattle.gov/sdot/seattleparkingmap/ ኽትርኢ ትኽእል ኢኻ።




እማመ ዝቐረበሉ ለውጥታት

- ዝኽፈሎ፡ $1/ብሰዓት፡ 8 ቅ.ቐ. – 8 ድ.ቐ. ሰኑይ-ቀዳም፡ 2 ሰዓት ደረት (80 ቦታታት)
- RPZ፣ ከጠዋቱ 7 AM-እስከ ምሽቱ 6PM፣ ከሰኞ-አርብ, 2 ሰአታት ከፈቃድ ውጪ (390 ቦታዎች)
- ዘይከፈሎ ደረት ሰዓታት፡ 2 ሰዓታት 7 ቅ.ቐ. – 6 ድ.ቐ. ሰኑይ - ቀዳም (40 ቦታታት)
- ማኪና ደው ምባል ኣይፍቀድን ዝብል ምልክት
- ማኪና ብብዝሒ ዝወጸሉ ቦታታት ምውሳን
- ሓደ ቦታ ናብ ኣጋር ምቕያር 5 ድ.ቐ. – 2 ቅ.ቐ.
- አዲስ RPZ 29 የማቆሚያ ቦታ ይጨምሩ

Seattle Department of Transportation

## እዚ ጉዳይ እዚ ነቲ ዓማዊል/በጻሕቲ ማኪናኦም ደው ዘብልሉ ቦታ ዝጸልዎ ብኸመይ እዩ፧

- እቲ ምስ ማኪና ደው መበሊ ተተሓሒዙ ዝግበር ለውጢ (ናይ ግዜ ድሩትነትን ማኪና ደው መበሊ ቦታታት ምውሳኽን) ብዝያዳ ማኪና ደው መበሊ ቦታታት ከም ዝህሉ ዝገብር እዩ፣ ብዘይካዚ፡ እተን ኣብቲ ኣብ ጐደናታት ንግዲ ዝርከባ ኣብ ናይ ንግዲ ኣውራጃታት ዘለዋ ኣብያተ ንግዲ፡ ንዓሚላትን ንበጻሕትን ብዝያዳ ምሹእ ዝኾነ ማኪና ደው መበሊ ቦታታት ስለ ዝህልወን፡ ኣታዊአን ክውስኽ ይኽእል እዩ። እቲ ቐሪቡ ዘሎ እማመ፡ ነቲ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ኮሎምቢያ ዝነበረ ናይ ግዜ ድሩትነት ዝነበሮ 80 ቦታታት ናብ ዝኽፈሎ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኸም ዝቕየር ገይሩ እዩ። እቲ ናይ ግዜ ድሩትነት ን2 ሰዓት ዝጸንሕ እዩ፣ ካብ ሰዓት 5 ድ.ቐ. ጀሚሩ ድማ ን3 ሰዓት ዝጸንሕ ፍቓድ ክትዕድግ ይከኣል እዩ። እቲ ናይ መጀመርታ ዋጋ ንሰዓት $1 ክኸውን እዩ፣ እቲ ዋጋ ኻብ ሰኑይ ክሳዕ ቀዳም ኣብ ዘሎ እዋን፡ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቐ. ክሳዕ 8 ድ.ቐ. ተግባራዊ እዩ ዝኸውን። ካብ ሬይነር ከባቢ ሓደ ብሎክ ርሕቕ ኢልካ ግና ብናጻ ማኪና ደው ምባል ይከኣል እዩ።

## ናይ ክብደት ለውጢ ዞን ብዝምልከት ሕቶ እንተ ኣልዩኒ ወይ ድማ ንጹር ርእይቶን ዘተሓሳሰበኒ ነገርን እንተ ኣልዩ ብኸመይ ከምኡ ኽገብር እኽእል፧

- ነቲ ኣብ ኢንተርነት ኣብ www.surveymonkey.com/r/SDOTCC ዝርከብ መሕትት ክሳዕ 27 ለካቲት 2017 ኣብ ዘሎ ግዜ ውሽጢ ምልኣዮ።
- ናብ Columbiacityparking@seattle.gov ብምጽሓፍ ወይ ድማ ናብ 206-733-9026 ብምድዋል ምሳና ተራኸብ።

## ቀጺሉ እንታይ እዩ ዝኸውን፧

- SDOT ኣብ ከባቢ ሚያዝያ 2017 ብዛዕባ እቲ ናይ ማኪና ደው መበሊ ዝምልከት ናይ መወዳእታ መደብ ከውጽእ እዩ፣ እቲ መደብ ድማ ኣብ ቀውዒ 2017 ተግባራዊ ክኸውን እዩ።